# ክልተ ዘይቃዶ ማንታ መልሓስ
# ኣብ ሓደ መድረኽ፡ ሕቶ ንኣቶ ቀለታ ኪዳን

ብገዛኢ ኪዳን

ክቡራትን ክቡራንን ተኸታተልቲ መርበብ ኢንተርነት ሰላም ምስ ኩልና ይኹን! ናይ ሎሚ ጽሑፈይ ክልተ ዘይቃዶ ማንታ መልሓስ ኣብ ሓደ መድረኽ ብዝብል ኣርእስቲ ክጅምሮ ከሎኹ፡ ውሽጣዊ ትሕዝቶ ጽሑፈይ ከይረኣኹም እንታይ ማለቱ ኢዩ ትብሉኒ ትኾኑ፡ ግና መስመራት ጽሑፈይ ሓደ ብሓደ ብንባብ ምስ ሓለፍኩሞ ክበርሃልኩም ኢዩ'ሞ ሰናይ ንባብ ይግበረልኩም።

ኣነ'ኳ ነዚ ጽሑፍ እዚ ከወርቐኒ ዝኸኣለ ምኽንያት ዘስደመመኒ ነገር ስለ ዘሎ ኢዩ። ንስኻትኩም ክቡራት ነበብቲ ጽሑፈይ ኸኣ ነቲ መንቀሊ ናይ ጽሑፈይ ዝኾነ ምኽንያት ከማይ ከስደምመኩም ዲዩ ወይስ ክገርመኩም ሚዛንኩም ክትህብሉ ቅድሚ ናብቲ ከርሲ ነገር ናይ ጽሑፈይ ምእታወይ ብዛዕባ እዚ መንቀሊ ናይ ጽሑፈይ ኮይኑኒ ዘሎ ኣርእስቲ ቁሩብ ትርጉሙ ኣብርህ ኣቢለዮ ክሓልፍ።

'ክልተ ዘይቃዶ ማንታ መልሓስ ኣብ ሓደ መድረኽ' ማለት እቲ መድረኽ ከም ዘሎዎ ኮይኑ፡ ኣብቲ መልክዑ ዘይቀየረ መድረኽ ክልተ ዘይሰማምዑ ወይ ድማ ዘይቃደዉ ኣረኣእያታት ምሓዝ ማለት ኢዩ። እዚ ማለት ነኣየናይ ኣረኣእያ ኢኻ ከተዐውት ዘይፍለጠሉ፡ ውሱን መርገጽ ዘይብሉ፡ ብዓቢዩ ኸኣ ዕላማ እውን ዘይብሉ፡ እንተስ ብፍላጥ እንተስ ብዘይፍላጥ ኣብ ውሽጢ ሰብ ዕላማ ኣትዩ ዝሓማዙቕ ኢዩ። ዕንኪላሎ ይብሉ ተዋሳእቲ ህግደፍ!! ዕንኪሊል ዝበለ ነገር፡ ዕውንውን ዝበለ ጉዳይ ኢዩ።

ክቡራት ኣንበብቲ! እምበኣር ነዚ ንምባል ዘደፍኣኒ ጉዳይ እቲ ኣቶ ቀለታ ኪዳን ኣብ ዕለት 4 ለካቲት 2010 ዓ.ም ኣብ መርበብ ኢንተርነት ንሓርነት ኮም ለጢፈሞ ዘሎዉ " ሃገራዊ ዋዕላ ንመን ብመን" ዝብል ኣርእስቲ ዝነቐለ ጽሑፍ ኢዩ።

ከርሰ ነገር ናይቲ ጽሑፍ ነቲ ክሰላሰል ዝቀራረብ ዘሎ ጉዳይ ሃገራዊ ዋዕላ ብምቅዋም ኢዩ። ኣነ ከም ዝፈልጦ ኣቶ ቀለታ ኪዳን እውን ከም ዝገለጽዎ ኣቶ ቀለታ ኪዳን ኣብ ዝሓለፈ እውናት ካብቶም ሃገራዊ ዋዕላ ኣብ ስደት ክግበር ኣሎዎ ዝብል ዝነበረ መርገጽ ዝነበሮም ምዃኑ ኢየ ዝፈልጥ። ሎሚ ግን ኣቶ ቀለታ ኪዳን ነቲ ኣሒዞሞ ዝጸንሑ መርገጽ ብስንጥቕ ዝቃወም መርገጽ ኣሒዞም ኢዮም ተላዒሎም ዘሎው፡ እንታይ ተረኺበ!!! 'እቲ ጎደና ተር ኢሉ እዚ ሰብኣይ ናበይ ኢሉ' ይብሉ ኣቦታት፡ እቲ መድረኻዊ ጎደና ትኽ ኢሉ ከም ቀደሙ ከሎ ኣቶ ቀለታ ኪዳን ናበይ ትእለዩ ኣሎኹም ንምባል ዘምጽኦ ዘሎኹ ኣረኣእያ ኢዩ።

ኣብ 2003 ዓ.ም ኣብ ፌስቲቫል ካስል ዝተኸተመ ብማኒፈስቶ ካስል ዝጽዋዕ ታሪኻዊ ሰነድ ካብ ዝፈረሙ ውድባትን ማሕበራትን ውልቀሰባትን ኣቶ ቀለታ ኪዳን ሓደ ካብኦም ኢዮም። ድሕሪኡ እውን ኣቶ ቀለታ ኪዳን ሃገራዊ ዋዕላ ብቕልጡፍ ክሰላሰል ኣሎዎ ኢሎም ብትሪ ይሙጉቱ ከም ዝነበሩ ይፈልጥ። ከምቲ ኣቶ ቀለታ ኪዳን ኣብ ጽሑፎም ዘስፈርዎ እውን ሃገራዊ ዋዕላ ዝብል ዛዕባ ኣሒዞም ክሳብ ኣዲስ ኣበባ በጺሖም ከም ዝነበሩ ይዝከር። ሎሚ ደኣ እንታይ ረኺበኩም ክቡር ኣቶ ቀለታ? ነቲ ካብ ነዊሕ እዋናት ጀሚርኩም እትጽዕርሉ ዝነበርኩም ሃገራዊ ዋዕላ ሎሚ ኣብ ምውካል ኣሰናድኢት ሽማግለ ምስ ተበጽሐ ንትግባሬ ሃገራዊ ዋዕላ ዘቃውም እንታይ ኣሎኩም? ኪዳን ደኣ እቲ ንስኹም እትጣበቑሉ ዝነበርኩም ኪዳን እኮ ኢዩ ዘሎ፡ ኣቶ ቀለታ ግደ ሓቂ ክንዛረብ ንስኹም እምበር ኪዳንስ ኣይተቀየረን። ሎሚ በጺሕኩም እዚ ዝበሃል ዘሎ ዋዕላ እንታይ ኣድላይነት ኣሎዎ ክትብሉ ከሎኹም ዘጸብቐልኩምዶ ይመስለኩም።

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከድና እዚ ገይርና ከምዚ ኢሎሙና ንእትብልዎ ዘሎኹም'ኳ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከድኩም እንታይ ከም ዝገበርኩምን እንታይ ከም ዝተባሃልኩምን ኣብ መዝገባት ታሪኽ ዝተወረቐ ናይ ቀረባ እዋን ትዝታ ስለዝኾነ ብዛዕባ እዚ ነቲ ናይ ቀረባ እዋን ጽሑፋትኩም ጥራሕ ምግንጻል ኣኻሊ ኢዩ። እንተቲ ሎሚ እተቐልቅልዎ ዘሎኹም ሓዲሽ መርገጽ ግን እቲ መድረኽ ብፍላይ ድማ ብዛዕባ ሃገራዊ ዋዕላ ከም ዘሎዎ ኮይኑ ንስኹም ግን ብዛዕባ ሃገራዊ ዋዕላ ሓዲሽ መርገጽ ኣሒዝኩም ኣብ መርበብ ኢንተርነት ንሓርነት ኮም ምቕላቃልኩም እንታይ ተረኺበ ኢለ ክሓትትን ነዚ ጽሑፍ እዚ ክውርቕን ግድነት ኮይኑኒ ኣሎ።

*ኣቶ ቀለታ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብዙሕ ስራሕ ሰሪሕኩም፣ ኣብ በርገሳዊ ማሕበር ነይርኩም፣ ውድብ እውን ሰሪሕኩም፣ ድሓር እውን ውድብ ገዲፍኩም ዓቢ ስለዝኾንኩ ምምካር ጥራሕ ይሕሸኒ ኢልኩም ኮፍ ኢልኩም ነይርኩም፣ ሕጂ ከኣ ኣብ ተሰርሐን ዝጸንሓ ውድባት ኣትኺም ውድባዊ ፖለቲካዊ መርገጽ ኣሒዝኩም ትንዓዙ ኣሎኹም፣ ግርም እዚ መሰልኩም ስለዝኾነ ኣነ ኣብዚ ዝቃወሞ ነገር የብለይን፣ ግና እተን ብመርገጽ እትድግፍወን ውድባት ኣባላት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኢየን፣ ስለዝኾነ ንስኹም ንበይንኹም ዲኹም ነቲ ኣሰራርሓ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብፍላይ ድማ ንሃገራዊ ዋዕላ ዝምልከት እትነጽጉ*

*ዘሎኹም ወይስ እቲ ሰልፈይ እትብልዎ እውን ምሳኹም ኢዩ? ንበይንኹም ጥራሕ እንተኾይንኹም ግን ኣንጻር ዕላማ እቲ ሰልፈይ እትብልዎ እውን ኢኹም። ግና ሓደ ነገር ዘጣራጠረኒ ነገር እውን ኣሎ ባዕልኹም ደኣ ከተብርህዎ ክገድፎ እምበር፣ እዚ ኣንጻር ሃገራዊ ዋዕላ ዝኾነ ጽሑፍኩም ምስ ወረቕኩም በቲ ይኣምነሉ ኢየ እትብልዎ ሰልፊ ዝኾነ ይኹን መልሲ ኣይተዋህበኩምን ስለምንታይ ዝብል ሕቶ ኣብ ኣእሙሮይ ይመላለሰኒ ኢዩ፣ ማለት መአረምታ ወይ ድማ ነቐፌታ ኣይጸሓፉልኩምን። እዚኣ ነቶም ሰልፈይ እትብልዎም እውን ጽብቕቲ ኣይኮነትን፣ ዝኾነ ኮይኑ ግን ኣብ ከይዲ ክንርእዮ ኢና።*

*እንተቲ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ካብ ዝተፈላለያ ማሕበራትን ውድባትን ኣሰናዳኢት ሽማግለ መሪጹ ሃገራዊ ዋዕላ ንምስልሳል እቲ ጎደና ተታሒዝዎ ስለዘሎ ብወገነይ ኣሳልጦ ጥራሕ ኢየ ዝምነየሉ ዘይኮነ፣ ነዚ ምሳኹም ኮይነ ክትግበር ኣሎዎ ዝብሎ ዝነበርኩ ሃገራዊ ዋዕላ ብዓወት ክዛዘም ዓቕመይ ብዝፈቕዶ መሰረት ክሰርሕ ምኳነይ የረጋግጸልኩም። ንስኹምከ ኮይንኩም ድዩ ንሱ ዲዩ ኢዩ መርገጽኩም?*

*ሰላም ንህዝብናን ኀረባብትናን*
*ዓወት ንሃገራዊ ዋዕላ*
*ውድቀት ንህግደፍን ኮራኹሩን።*